# ጽሟቕ ትሕዝቶ

ኣብ 1993፡ ኤርትራ ድሕሪ ናይ ሰላሳ ዓመት ደማዊ ኲናት ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ብወግዒ ሓራ ኣብ ዝኾነትሉ እዋን፡ ሓጎስን ደስታን ኣብ ህዝባ ሰፊኑ፡ ትስፍው ሂወት ንመጀመርያ ግዜ ክርአ ዝጀመረሉ እዋን ከምዝነበረ ኩሉ ዝዝክሮ ኢዩ። ይኹን እንበር ድሕሪ ዓሰርተ ሹዱሽተ ዓመታት እቲ ድሞክራስያዊት ኤርትራ፡ መሰል ዜጋታት ዝኽበረላ ኤርትራ ክትስስን ዝነበረ ሕልሚ ማህሚኑ፡ ሎሚ ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ኣብ ዓለም ንጹላት፡ ጨፍላቒ ስርዓት ዝነገሰለን ሃገራት ኮይና ኣላ። ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ናይ ፖለቲካ እሱራት ኣብ ኣብያተ ማእሰርትን፡ ኣብ ጎዳጉዲ ሽላታትን ተኣሲሮም ይርከቡ። ነጻ ስቪካዊ ማሕበራት ካብ ምዕንባብ ተኣጊደን ሎሚ ንሽሙ እኳ ነጻ ሲቪካዊ ማሕበር ዝበሃል ኣብ ኤርትራ የለን። ኩለን ናይ ብሕቲ ናይ ዜና ማዕከናት ተዓጺገን፡ ፓትርያርክ ኦርትዶክሳዊት ቤተክርስትያን ብዘይ ፍርዲ ብዘይ ሕጋዊ መንገድን ተሓዪሮም፡ ኢቫንጀሊካን ምእመናን ብጃምላ ካብ ፈቓድኡ ብቐጻሊ እናተገፉ ኣብ ቤትማእሰርቲ ይሳቀዩን ይግፍዑን ኣለዉ።

እቲ ንኤርትራ ኣብቲ ዝበርትዐ ናይ ናጽነት ቃልሲ ዝመርሐ፡ ናይ ሕጂ ፕሬዝደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ነቲ ምስ ኢትዮጵያ ዝተኸስተ ገና መዓልቦ ዘይረኸበ ናይ ዶብ ምስሕሓብ ተጠቒሙ፣ ንኤርትራ ኣብ ቀጻሊ ናይ ኲናት ሃዋህው ቆሪንዋን ጅሆ ጌሩ ሒዝዋን ይርከብ። እቲ ን ዓመትን መንፈቕን ንነብስወከፍ ዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሐ ዜጋ ዝምለከት ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ንዓመታት ተናዊሑ፡ መንእሰያት ደቂ ተባዕትዮ ይኹኑ ደቀንስትዮ ብዘይ ድልየቶም ብኣስገዳድ ንዓመታት ኣብ ሰራዊት ከገልግሉ ይርከቡ። ሓምሳ ዓመት ዝዕድሚኦም ዜጋታት እኳ ካብ ሃገር ክወጹ ናይ መውጸኢ ቪዛ ዝረኸቡ ኣዝዮም ብኣጻብዕ ዝቑጸሩ ኢዮም።

እቶም ሕጋዊ ፍቓድ ከይረኸቡ ካብ ሃገር ክሃድሙ ዝፍትኑ እውን ዕጨኦም ማእሰርትን ስቓይን፡ ካብኡ ሓሊፉ ድማ ኣብቲ ዝተታሕዙሉ ዶባት ምርሻን ኢዩ። መንግስቲ ኤርትራ ንወለዲ እቶም ሃገር ራሕሪሖም ብዓወት ዶብ ሰጊሮም ዝሃድሙ ኣብ ክንዲ ብጹሕ ውላዶም ሰፍ ዘይብል ናይ ገንዘብ ዕዳ የሰከምን ይኣስርን የሳቕን ኣሎ። ኣብዚ እዋን ኤርትራ ድማ ኣብ ዓለም እታ ዝበዘሐ ስደተኛ ዘለዋ ሃገር ኮይና ኣላ።

እዚ ጸብጻብ፡ ነቲ መንግስቲ ኤርትራ ዝፍጽሞ ዘሎ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰል፡ ጃምላዊ ማእሰርቲ ዜጋታት፡ ግዱድ ወፍሪ ወይ ግዱድ ዕዮ፡ ዘይሰብኣዊ ኣተሓሕዛ እሱራት ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ፡ ድሩት ናይ ህዝቢ ናይ ምንቅስቓስን ናይ ምዝራብን ከምኡውን ናይ እምነትን መሰል፡ መዝጊቡ ኣሎ። ብዘይካዚ

ንዘይተወሰነ ግዱድ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ንግህሰት መሰል ብነጻ ሓሳብካ ናይ ምግላጽን ናይ ምቅዋምን፡ ንስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ስደቶም ዘጋጥሞም ጸገምን ብትንታነ ኣስፊሩ ኣሎ።

ኤርትራ እተን ውሑዳት ቀዳሞት ዓመታት ናጽነታ እቲ ተስፋ ጽልሙት ኣይነበረን። ናይ ብሕቲ ጋዜጣታት ዓንቢበን፡ ኣብቲ ሓረነታዊ ኩናት ዝተሳተፈ ሰራዊት ክጣየስ ጀሚሩ፡ እቲ ሽዑ ዝነበረ ባይቶ እውን ንመትከላት ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ህዝቢ ዘሕቑፍ ሓድሽ ቅዋም ኣብ 1997 ኣጽዲቑ።

ይኹን እንበር ኣብ 1998 እቲ ሰፍ ዘይብል ክሳራ ዝተኸፈሎን ንክልተ ዓመት ዝቐጸለን ደማዊ ዶባዊ ግጭት ምስ ኢትዮጵያ ተወሊዑ። ደሞክራስያዊ ምርጫ ተመሓላሊፉ፣ ጃምላዊ ዕስክርና ዜጋታት እንደገና ጀሚሩ። ከምሳዕቤኑ ድማ ክሳብ እቲ ኩናት ብኣህጉራዊ መንጎኝነት ብውዕል ኣለጀርስ ኣብ 2000 ዓ.ም ዘኽትም፡ ናይ ኣሽሓት ሂወት ሃሊቑ። ኣብ መወዳእታ ድማ ኮምሽን ዶብ ቀያድን ናይ መወዳእታን ብዝኾነ መንገዲ ነቲ ጉዳይ ዶብ ክሽምግል ቆይሙ።

ድሕሪ ምዝዝዛም እቲ ኩናት ብዙሓት ነቲ ኣብ መስርሕ ዝተኾለፈ ድሞክራስያዊ መስርሕ ክቕጽል ተስፋ ኣንቢሮም እኳ እንተነበሩ፡ ብኣንጻሩ ኣብ 2001፡ እቶም ኣብ ኤርትራ ነጻን ርትዓውን ምርጫ ዘካተተ መሰረታዊ ለውጢ ክትኣታቶ ብወግዒ ዝጠለቡ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስቲ እናተገፉ ከምዝዳጎኑ ተጌሩ። ጃምላዊ ማእሰርቲ ጋዜጠኛታትን ተቓወምቲ ውለቀሰባትን ድማ ብሰፊሑ ቀጺሉ። ብሕታውያን ጋዜጣታት ተዓጽየን። ክሳብ መጋቢት 2009 ድማ ሃለዋት ናይቶም ብኣልመማ ዝተኣስሩ ዜጋትት ዝፈልጥ ነገር የለን።

ካብ 2001 ዓም ጀሚሩ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት፡ ከም ጃምላዊ ማእሰርቲ፡ ምስቓይ፡ ዘይሕጋዊ ቅትለት፡ ምእጋድ መሰል ሓሳብካ ብነጻ ምግላጽ፡ ምእጋድ መሰል እምነትን ናይ ምንቅስቓስ ነጻነትን፡ ብዝኸፍአ መልከዑ ብዝሰፈሐ ምንገዲ ኣስፋሕፊሑ።

ኣብ 2002 ምስ ምእዋጅ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ናይ ልምዓት ወፍሪ፡ እቲ ን 18 ኣዋርሕ ጥራይ ብኣዋጅ ዝጸደቐ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ንዘይተወሰነ ግዜ ተናዊሑ መንእሰያት ደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ኣብዚ ግዱድ ወፍሪ፡ ኣብቲ ብመንግስቲ ዝወጸ “ናይ ልምዓት” ፕሮጀክትታት ክሳተፉ፡ ክሳብ 40 ሓምሳ ዓመት ዝመልኡ፡ ሓሓሊፉ እውን ክሳብ ሓምሳን ሓሙሽተን ዓመት ክሰርሑ ምቕሳብ ልሙድ ኮይኑ።

እቲ ደረት ኣልቦ ዝኾነ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብናይ ሽዱሽተ ወርሒ ወትሃደራዊ ታዕሊም ጀሚሩ ብ 12 ወርሒ ናይ ነጻ ኣገልግሎት ኣብ ሰራዊት ወይውን ኣብ ሰቪላዊ ሚኒስተሪታት ፡ (ብምምርሒታት ናይ ምክልኻል ሚኒስተር) ይቕጽል። ዝበዝሓ ናይ ንግዲ ትካላትን ካመፓኒታትን ብሰራዊት ወይውን በቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሰልፊ ይውነናን ይመሓደራን። ነቲ ቁጠባ ናይ ሃገር ድማ ብሒተን ይቆጻጸራ። ነጻ ሲቪካዊ ማሕበር ዝበሃል ድማ የለን።

ኣብ ሃገራዊ ኣገልገሎት ዝርከቡ ዜጋታት ብፍላይ ክኣ ስደራ ንዘለዎም ትንፋስ መሕደሪ ዝኸውን ደሞዝ ይወሃቦም። እቲ ኣብ ህዝቢ ተቐባልነት ዘይብሉን ኣዝዩ ጽሉእ ዝኾነ ደረት ኣልቦ ዕስክርና ተግባራውነቱ ክረጋገጽ ጨፍላቒ ዝኾነ ሃገር ለኸ ናይ መንግስቲ ፖሊሲ ክህሉ የድሊ።  ሓደ ካብኡ ኣብ 2003 ዝተኣታተወ ኩሎም ተመሃሮ ናይ ካልኣይ ደረጃ መልቀቒ ፈተና ክካፈሉ ናይ 12 ክፈሊ ትምህርቶም ኣብ ሳዋ ከይዶም ከምዝመሃሩ ምግባር ኢዩ። እቲ ሃገራዊ ኣገልገሎቶም ድማ ብተግባር ካብኡ ይጅመር።

ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ክሃድሙ ዝፈተኑ፡ ፖለቲካዊ እሱራትን፡ ብሰንኪ ሃይማኖታዊ እመነቶም ዝተዳጎኑን ኩሎም ኣብተን ብሃገር ደረጃ ተዋቒረን ዘለዋ ኣብያተ ማእሰርቲ ተዳጒኖም ይሳቐዩ። ዘይሰብኣዊ ኣተሓሕዛ እሱራት ዘስካሕክሕ ኢዩ። ኣካላዊ መግረፍትን ምስቓይን፡ ዘስካሕክሕን፡ ሰብኣዊ ክብሪ ዘራኽስን ግዱድ ዕዮ፡ ኣብዘን ኣብያተ ማእሰርቲ ንቡራት ኢዮም። ብዙሕ ግዜ እሱራት ኣብ ጎዳጉድን ኮንተይነራትን ኣብ ንሂወት ኣስጋኢ ዝኾነ ሙቐት ዝበርትየ ቦታ ይዳጎኑ።

ኣመንቲ ናይተን ንኡሳን ዝኾና ናይ ክርስትያን እምነት ተኸተልቲ ኣብያተ ጸሎት ብመንግስቲ ኤርትራ ብፍሉይነት ይህደኑ። ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝርከቡ ኣመንተን ኣብ ታዕሊም መጽሓፍ ቅዱስ ከንብቡ ምስ ዝርከቡ፡ ወይውን ተኣኪቦም ምስ ዝጽልዩን ይእሰሩን ብዘይሰብኣዊ መንገዲ ይሳቐዩን። ፖሊስን፡ ሰራዊትን ብዙሕ ግዜ ንኣባይቲ ኣመንቲ ናይዘን ሃይማኖታት እናኸበቡ ካብ ጉባኤታት ጸለቶምን ውልቃዊ ዋኒኖምን እናኣሰሩ ይዳጉንዎም። ብሰንኪ እዚ ድማ ብኣሽሓተ ዝቑጸሩ ሎሚ ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ተዳጒኖም ይርከቡ።

እቶም ሃገር ራሕሪሖም ክሃድሙ ዝሓሰቡ ዜጋታት ኣብ ዶባት ምስ ዝትሓዙ፡ ናይ ማእሰርትን ኣብ ዝተታሕዙሉ ዶብ ብጥይት ናይ ምርሻንን ዕጫ የጋጥሞም። እቶም ካብ ማልታ፡ ሱዳን ሊብያ፡ ግብጽን ካልኦት ሃገራትን ተጠሪዞም ዝምለሱ ድማ ማእሰርትን ስቓይን ይቕበሎም። ንህልው ኢሰብኣዊ ኣተሓሕዛ መንግስቲ ኤርትራን፡ ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ዝፍጸም ደረት ኣለቦ ግፍዕን ኣብ ግምት ብምእታው ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ናይ ስደተኛታት

ላዕላዋይ ኮመሽነር ሃገራት ንኤርትራውያን፡ እንተላይ እቶም ናይ ዑቕባ ሕቶኦም ዝተነጸገ፡ ናብ ኤርትራ ከይመልሳ ከምዘትሓሳሰበ ይዝከር። ኣገዲድካ ምምላስ ኤርትራውያን ከብቅዕ ድማ ይምሕጸን።

ሓርፋፍ ዝምድና ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ እቲ ቀንዲ እምነኩርናዕ ናይ ወጻኢ ፖሊሲን፡ ቀንዲ ምንጪ ውሽጣዊ ዳይናሚክ ፖለቲካ ኤርትራን ኢዩ። ምንምኳ ክልቲኣን ሃገራት ብውሳነ ውዕል ኮምሽን ዶብ፡ ክርዕማ ተሰማሚዐን እንተነበራ ኢትዮጵያ ንባድመ፡ ብመሰረት ዝተሓንጸጸ ዶብ፡ ንኤርትራ ከተረክብን ተወሳኺ ዝርርብ ከይተገብረ መስርሕ ምምልካት ዶብ ኣብ ባይታ ክፍጸምን ፍቓደኛ ኣይኮነትን። ኤርትራ ድማ ነዚ መዕለቢ ከይረኸበ ሰንፈላል ዝተረፈ ጉዳይ፡ ነቲ ብሰፊሑ እተካይዶ ንኩሉ ህዝቢ ዘካተተ ሃገራዊ ወትሃደራዊ ኣዋጅ ክትእውጅን ንሕቶ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ህዝቢ ከተወንዝፍን ምኽንያት ኮይንዋ ይርከብ።

ጽባሕ ናጽነት ጀሚራ፡ ኤርትራ ተጻባኢ ዝምድናታትን ዶባዊ ምስሕሓብ ምስ ጎረባብታ ኢትዮጵያ፡ ሱዳን ጅቡቲ፡ ባሕሪ ሰጊራ ምስ የመን እውን ኔርዋ። ብቐጻሊ ንጎነጻዊ ቃለሲ ዘካይዱ ተቓወምቲ ውድባት ኣብዘን ሃገራት ከተዕጥቕን ክትድግፍን ጸኒሓ። ኢትዮጵያን ሱዳንን እውን ተመሳሳሊ ሰትራተጂ ኣብቲ ዞባ ክጥቀማ ይረኣያ። ብፍላይ ድማ ስገረዶብ ኲናት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ሶማል ሃሳዪ ጽልዋ ኣለዎ። እቲ ኣብ 2006 ናይ ኢትዮጵያ ናብ ሶማል ምትእትታውን ንሕበረት እስላማዊ ቤትፍርዲ ብወትሃደራዊ ስጉምቲ ካብ ስልጣን ክትዓሉን ንመሰጋገሪ መንግስቲ ሶማል ክትድግፍን ዝቐሰባ ቀንዲ ምኽንያት ድማ እቲ ናይ ኤርትራ ንሕብረት እስላማዊ ቤት ፍርዲ (ሓደ ካብ ውድባት ሶማል) እትገብሮ ዝነበረት ምድግጋፍ ምንባሩ ይፍለጥ። ምትእትታው ናይዘን ክልተ ሃገራት ኣብ ሶማል ድማ ንኲናት ሶማል ኣበኣኢሱን ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሶማላውያን ሂወቶም ክስእኑ፡ ልዕሊ ሓደ ሚሊዮን ድማ ካብ መነባብሮኦም ከተማ መቓዲሾ ክመዛበሉን ጠንቂ ኮይኑ። እቲ ኲናት ካብ ዝተጀመረሉ ዕለት ኣትሒዙ ብዙሓት ሃገራት እንተላይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ነቲ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝጸንዐ ናይ ምሽማት ኣጽዋር እገዳ ኣብ ልዕሊ ሶማል ጥሒሰን ኣጽዋር ናብ ሶማል ጓሪተን። ኤርትራ ነቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ሶማል ዘይትኣደነ ግፍዒ ዝፍጽም ጉጅለ ጥርኑፍ ኣስላማዊ ጉጅለ ኣልሸባብ ኣብ ምድልዳል ዝለዓለ እጃም ተጻዊታ።

ምስ ምቛም ሓድሽ መንግስቲ ኣብ ዋሽንትግተንን ምትእትታው ናይ ልምዓት ሓገዝ ኣብ ኤውሮጳዊ ሕብረትን፡ እተን ቀንዲ ዝሃብተማ ሃገራት ነዚ ተኸሲቱ ዘሎ ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝገደደ እናንቀልቀለ ዝኸይድ ዘሎ ኩነታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ፍታሓት ከናድያ ዓቢ ኣጋጣሚ ኢዩ። ኤርትራ ኣብዚ ዞባ ኣገዳሲ ተራ ትጻወት

ሃገር ከም'ኳና መጠን ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ውድብ ሕበረት ኣፍሪቃ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ኤውሮጳዊ ሕብረትን ዓቕመን ኣዋሃሂደን፡ ኣብቲ ዞባ ንዘሎ ፖለቲካዊ ወጥሪ ከህድኣ፡ ኣብ ኤርትራ ግዝኣተ ሕጊ ክነግስን፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ህዝቡ ዝፍጽሞ መጠን ዝሓለፎ ግፍዒ ደው ከብልን ህጹጽ ስጉምቲ ክወስዳን ይግባእ።

## ምሕጽንታ (ለበዋ)

## ንመንግስቲ ኤርትራ

- ንኹሎም ፖለቲካዊ እሱራት እንተላይ ብጉጅለ 15 ዝፍለጡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ነበርን ጋዜጠኛታትን ብዘይቅድመኩነት ክፈትሕ፡ ወይ ክኣ ኣብ ብሕጋዊ መዳይ ክዳነዩሉ ዝኽእሉ ቤትፍርዲ ኣቕሪቡ ጉዳዮም ብሕጋዊ መስርሕ መዕለቢ ክገብረሉ።

- መንግስቲ ኤርትራ ንትካላት ጸጥትኡን፡ ናይ ጸጥታ ሰራሕተኛታቱን፡ ኣብልዕሊ ዜጋታት ብሰንኪ ሃየማኖታዊ እምነቶም ዝፍጽምዎ ዘለዉ ኣልማማዊ ማእሰርቲ፣ ቅየዳን ስቅያትን ደው ከብሉ ንጹር መምርሒታት ከውጽእ።

- ነጻ ተቖጻጸርቲ ኣካላት ኣብ ኩለን ምሰጢራውያንን፡ ወግዓውያንን ቤት-ማእሰርትታት ብህጹጽ ምብጻሕ ክፍጽሙ ከፍቅድ፣ ኩሎም እሱራት ኣበይ ከምዝርከቡ ክምዝግብ፡ ንቤተሰቦምን መቕረባታቶምን ብወግዒ ክሕብር፡ ስድራ እሱራት፡ ንእሱራት ስድራቤቶም ናይ ምብጻሕ መሰሎም ክኽብር፡ እሱራት ንጉዳይ ማእሰርቶም ዝከታተለሎም ሕጋዊ ወኪል ክህልዎም ከፍቅድ፣ ንኣተሓሕዛ እሱራት ብዝምልከት ዓለማዊ መለከዒታት ብዘፍቅድዎ መሰረት ግቡእን ሰብኣውን ኣታሓሕዛ ክዘውትር።

- ኣብ ልዕሊ እሱራትን ሃገራዊ ኣገልግሎትን ናይ ቅትለት፡ ክብሪ ደቀንስትዮ ምድፋር፡ ኣሰቃቒ ግፍዕታትን ገበናትን ብምፍጻም ዝጥርጠሩ፡ ሰበስልጣንን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ግቡእ መርመራ ክገብርን ገበናቶም ኣጻርዩ ድማ ናብ ፍርዲ ከቕርብን።

- ብነጻ ሓሳብካን ርእይቶኻን ናይ ምግላጽ መሰል፡ መሰል እምነትን ብማሕበራት ምውዳብን፡ መሰል ምንቅስቓስን ክኽብር ብወግዓዊ መንገዲ

ክእውጅ፡ ዝኾን ይኹን ሰብ ብሰላማዊ መንገዲ ሓሳባቱን ተቓውሞኡን ብምግላጹ ጥራይ ከምዘይእሰር ብወግዒ ክፍልጥ፡ ዘይፍትሓዊ ኣድልዎ ኣብ ልዕሊ ኣመንቲ ጅሆባ ዝኾኑ ዜጋታት ከኸትም ከምዘለዎ ክገብር፡

- ምእጋድ ብሕታዊ ጋዜጣታት ከብቅዕን፡ ብሕታዊ ጋዜጣታት ክምስረታን ክስስናን ክፍቅድ።

- ገደብ ኣልቦ ሃገራዊ ኣገልግሎት ደው ክብልን፡ እቶም ልዕሊ እቲ ሕጊ ዝጠልቦ 18 ኣዋርሕ ዘገልገሉ፡ በብደረጆኡ ክጣይስ።

- ንጉልበት ሃገረዊ ኣገልግሎት ኣብ ብሕታውያን ናይ መኸሰብ ኩባንያታት ምጥቃምን ምውፋርን ደው ክብል።

- ንዜጋታት ኣብ ገዛእ መሬቶም ንኸንቀሳቐሱ መንቀሳቐሲ ፍቓድ ክሕዙ ዘቐስብ ኣሰራርሓ ደው ክብል፡ ዜጋታት ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ብነጻ ናይ ምንቅስቓስ መሰሎም ከኽብር። ኣብ ኤርትራ ክሰርሑ ንዝደልዩ ወጻእተኛታት ንጸጥታዊ ድሕነት ሃገር ብዘይትንኪ መንገዲ ብነጻ ክንቀሳቐሱ ክፍቅድ።
- እቲ ናብ ጎሮቤት ሃገር ብዘይ መወጽኢ ፍቓድ ዝሰግሩ መንእሰያት ዝዓለመ “ክትቀትል ተኩስ” ዝብል ኣብ ሰራዊትን ኣባላት ጽጥታን ዘትኣታተወ ፖሊሲ ብዕሊ ክስርዝ።

- ምምልማል ትሕቲ ዕድመ (ትሕቲ 18 ዓመት) መንእሰያት ናብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ደው ክብል።

- እቲ ኣብ 1997 ዝጸደቐ ቅዋም ክተግብር፣ ንብዙሕነት ሰልፍታት ዘፍቅድ ሕጊ ክጽድቕን፡ ንዲሞክራስያዊ ምርጫ ምቅርራባት ክገብርን ማሕበረሰብ ዓለም ካብ መጀመርታ ክሳብ መወዳእታ ብወከልቱ ዝዕዘቦ ፍትሓዊ ምርጫ ክካይድ።

- ረድኤት ክልግሳ ንዝደልያ ናይ ግበረሰናይ ማሕበራት፡ ንድሌታት ህዝቢ ብዝምልከት መጽናዕቲ ክገብራ ክዕድምን ምስ ህዝቢ ክራኸባን ጥጡሕ ባይታ ክፈጥር።

## ንሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ኤውሮጳዊ ሕብረት

- ኤርትራ ነቲ ኣብ 1997 ዝጸደቐ ቅዋም ከተተግብር፡ ኩሎም ናይ ፖለቲካ እሱራት ናብ ፍርዲ ከተቕርብ ወይ ድማ ነጻ ክትለቕቕ፡ ግዱድ ዕዮ ደው ከተብል፡ ንዲሞክራስያዊ ምርጫ ዝግባእ ምቅርራብ ክትገብር ጸቕጢ ክገብሩ።

## ንለገስቲ፦ ኤውሮጳዊ ኮምሽን፡ ዓለማዊ ባንክን ናይውድብ ሕቡራት ሃገራት ትካላትን

- መጸኢ ልምዓታዊ ምትሕብባር ምስ ኤርትራ፡ ንሕቶ ሰብኣዊ መሰላት፡ ከም ምልቃቕ ናይ ፖለቲካ እሱራት፡ ምብጻሕ ኣብያተ ማእሰርቲ ብነጻ ማሕበራት፡ ዝኣመሰሉን ካልኦት ምስ ዓነቀጽ 96 ናይ ኤውሮጳዊ ኮምሽን ናይ ኮተኑ ውዕል መዐቀኒታት ሰብኣዊ መሰላትን ዝሰማመምዑ ቅድመኩነታት ዘካተተ ክኸውን።
- ብለገስቲ ሃገራት ዝተመወሉ ፐሮጀክትታት ብግዱድ ዕዮ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከይሰላሰሉ ከም ቅድመ ኩነት ንሓገዘን ከቐምጣ።

## ንሕብረት ኣፍሪቃ

- ነቲ ብናይ ኣፍሪቃዊ ኮሚሽን ንናይ ሰብኣውን ህዝብን መሰላት ዝሓለፈ ውሳነ፡ እንኮላይ ብህጹጽ ካብ ቤት ማእሰርቲ ምፍታሕን ምኽፋል ካሕሳን ን ጉጅለ 15 ኣብ ተግባር ክውዕል።

## ን ኤርትራውያን ስደተኛታትን ሓተቲ ዕቕባን የዕቑበን ዘለዋ ሃገራት፡ ብሕልፊ ግብጺ፣ ሱዳን፣ ሊቢያ፣ ማልታ፤ እስራኤል፣ ቱርኪ፣ ዓዲ ጥልያን፣ ስዊዲንን ዓዲ እንግሊዝን

- ብመሰረት መምርሒታት ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ናይ ስደተኛታት ኮምሽን (UNHCR) ኤርትራውያን ሓተቲ ዕቑባ ናብ ኤርትራ ከይጥርዛ፡ እተን ቅጥዕታት ናይ ዑቕባን መሳለጥያታት ዘይብለን ሃገራት ኣፍሪቃ ድማ፡ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ናይ ስደተኛታት ኮምሽን፡ ኣብ ሃገረን ንሓተቲ ዑቕባ ኤርትራውያን፡ ንጉዳዮም ከጻርያን ናይ ስደተኛ መሰል ክረኽቡ ክትሓባበርኦምን ጥጡሕ ባይታ ክፈጥሩ።

## ን ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ናይ ስደተኛታት ኮምሽን

- ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ከይጥረዙ ንምክልኻል እዋናዊ ስጉምቲ ክወስድ፡ ዓለማዊ ግቡእን ክስከማ ቅሩባት ዘይኮና ሃገራት ዝጥርዝኦም ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣማራጺ ፍታሕ ክረኽቡ ምስ ሃገራት ሓቢሩ ክሰርሕ፣ ነተን ኤርትራውያን ሓተቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ዝጥርዛ ሃገራት ድማ ብወግዒ ክኹንን።

- ምስ ናይ 2004 ኣዋጁ ዘሳኒ ንኣድላይነት ውሕስነትን ዑቕባ ንኤርትራውያንን ዝምልከትን፡ ኤርትራውያን ናብ ሃገሮም ንከይጥረዙን ዘትሓሳስብን ንጹር፡ እዋናውን፡ ሓበሬታ ከውጽእ። ክሳብ ነዚ ዘፍርስ ተመሳሳሊ መግለጺ ዘውጽእ ድማ ኣብ ውሳኔኡ ዝጸንዐ ክኸውን።